# ጅግና ይስዋእ ታሪኹ ግን ንወለዶታት ይመሓላለፍ

መስዋእቲ ብጻይ ኢዮብ ብስራት ኣዚዩ ኣሰንቢዱኒ  ካብዛዓለምና ምፍላዩ ብዙሕ ኣሕዚኑን

ኣብ ፓልቶክ ኣብ ኤርትሪያን ዩኒቲ ሩም እዩ ኣቲ ፈለማ ለላና ካብ እዮብ ብስራት ብዙሕ ኢና ተማሂርና ህድኣት ትዕግስቲ ምጽውዋር ትሕትና ዝመለኦ ባህሪያት ብልዙብ ቃላት ተሰነየ ኣስተምህሮ ናይ ለባማት ምስ ኩሉ ዝሳነ ምዕሩግ ስነስርዓት ቀንዲ መግለጺኡ ነይሩ ንኢዮብ ብስራት

ከይተሓለልካ ዝተቃለስካሉ ዕላማ ኣብ መዕረፊኡ ከይበጸሖ  ማዓልቲ ኣርኪባትካ ኢዮባይ ከምቶም ካልኦት ዝሓለፉ ብጾትና ንስካውን ኣብታ ትፈትዋ ሃገርካ ንክትቅበር ዕድል ኣይረከብካን ምእንቲ ድሕነት ሃገርን ህዝቢን ዝክፈል ዘሎ ዋጋ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ሙኻኑ ኣመስኪርካ

በል እዮባይ መንግስቲ ሰማያት የዋርስካ
ንኽብርቲ ባዓልቲቤትካን ደቅካን ንኩሉም ናይ ቃልሲ ብጾትካን ትዕግስትን ጽንዓትን ይሃቦም ይሃበና

Amino305